SolidarityWith@RefugeesinLibya
#EvacuateRefugeesFromLibya

# ካብ ትሪፖሊ ናብ ጀነቫ
# ድምጺ ስደተኛታት ሊብያ ኣዕብዩ!

ጻውዒት ንተቓውሞ - ንሰልፊ ኮፍ ብምባል - ኣብ ቅድሚ ዋና ቤት ጽሕፈት UNHCR
**9 & 10 ታሕሳስ 2022 ዓ.ም**

ቅድሚ ሓደ ዓመት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ስደተኛታት ንልዕሊ 100 መዓልታት ኣብ ቅድሚ ቤት ጽሕፈት UNHCR ናይ ትሪፖሊ ሰለማዊ ሰልፊ ወጽዮም፡ ኣብ ትሕቲ ከቢድ ኩነታት ታሪካዊ ርእሰ-ውደባ ኣካይዶም ነይሮም።

**ጻውዒቶም ድማ፤**

- ምስግጋር ናብ ውሑሳት ሃገራት
- ንኹሎም ስደተኛታት፡ ፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ብUNHCR ሊብያ ክወሃቦም።
- ምወላ ሓለዋ ባሕሪ ሊብያን መዳጎኒ መዓስከራትን ብሕብረት ኤውሮጳን ሃገራት ኤውሮጳን ደው ክብል ።
- ፍትሒ ንዝተቐትሉ ዝተሳቐዩን ብዘይ ሕጋዊ ዝተኣሰሩን ሰባት።
- ሊብያ ናይ 1951 ውዕል ስደተኛታት ጀነቫ ንክትፍርም።

እቶም ሰልፈኛታት ምፍርራሕን መጥቃዕተን እኳ እንተወረዶም፣ ሕጂ'ውን እንተኾነ ነቲ ጻውዒቶም ይቕጽልዎ ኣለዉ። ብዕለት 10 ጥሪ ነቲ ኮፍ መበሊ ብጭካነ ኣፍሪሶም ኣማኢት ሰልፈኛታት እኳ እንተኣሰሩሎም ፡ ነቲ ፖለቲካዊ ቃልሶም ግን ተስፋ ከይቖረጹን ከይተሓለሉን ብዝተፈላለየ መልክዑ ይቕጽልዎ ኣለው።

UNHCR ኣብ መላእ ዓለም ናይ ዝርከቡ ተመዛበልቲ፡ ኣህጉራዊ ሓለዋን ድሕነትን ናይ ምርግጋጽ ስልጣንን ሓላፍነት ኣለዎ - ኣብ ሊብያ ግን ስደተኛታት ብUNHCR ሸለል ይበሃሉ፡ ሓለዋ ኣይወሃቦምን፡ ምስግጋር ናብ ውሑስ ቦታ ውን ይንፈጎም ኣሎ።

ኣብ ሊብያን ካልኦት ሃገራት ሰሜን ኣፍሪቃን ዝርከቡ ስደተኛታት ብኣንጻሩ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ የጋጥሞም ኣሎ።

ክሳብ ሎሚ ኣብ ሊብያ ብሰንኪ ምወላ ኤውሮጳን ዝንቡዕ ኣተሓሕዛ UNHCRን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ተኣሲሮም፣ ተመዝሚዞምን ተቐቲሎምን እዮም። ስለዚ ድማ እዩ እቲ ተቓውሞታት ክቕጽል ዘለዎ - ኣብ ሊብያ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ቅድሚ UNHCR ኣብ ጀነቫ እውን።

በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ድሕረ ባይታን ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰብኣዊ መሰላትን (10 ታሕሳስ) ምኽንያት ብምግባር ኣብ ጀነቫ ልክዕ ኣብ ቅድሚ ዋና ቤት ጽሕፈት UNHCR ንኽልተ መዓልታት ስጉምቲ ክውሰድ ንጽውዕ ኣለና።

ነቲ ተቓውሞ ቅድሚ ሓደ መዓልቲ፡ ማለት ንዕለት 9 ታሕሳስ፡ ሰዓት 10.00 ቅድሚ ቀትሪ ብኣቆጻጽራ ማእከላይ ኤውሮጳ ክንጅምሮ ኢና። ነዚ ስዒቡ ድማ ጋዜጣዊ መግለጺን ኮፍ ኢልካ ተቓውሞኻ ናይ ምግላጽ መደባትን ክህልወና እዩ፡ እዚ ድማ እንተወሓደ ን24 ሰዓታት ዝጸንሕ እዩ። እቲ ቀንዲ መደረታት ብኣፈኛታት ናይቶም ኣብ ልብያ ዘለውን ናብ ኤውሮጳ ክበጽሑ ዝከኣሉ ስደተኛታትን ክካየድ እዩ።

ብዛዕባ ኩነታትን ቃልስን ስደተኛታት ሰሜን ኣፍሪቃ ዝምልከት ሓበሬታ ዝሓዘ ናይ 24 ሰዓታት መደብ ክንውድብ ኢና።

ንጽባሒቱ ታሕሳስ 10፡ ኣብ ቅድሚ ህንጻ UNHCR (rue de Montbrillant 94) ካልእ ሰለማዊ ሰልፊ ካብ ሰዓት 13:00 በቆጻጽራ ማእከላይ ኤውሮጳ ዝጅምር ንኽካየድ ንጽውዕ ኣለና።

ንኹለን ውድባት፡ ጉጅለታት፡ ውልቀሰባት ከምኡ'ውን ኣብ ጉዳይ ስደተኛታት ዝግደሱን ዝተሓብባበሩን ኣካላት ንኣብሊብያ ዘለው ስደተኛታት ብድምጽና ደገፍ ንምሃብን ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ኣብ ጀነቫ ሰልፊ ክትወጹ ንዕድም።

**ነዚ ጻውዒት ንምዝርጋሕ ሓግዙና!**

ካብ ከተማታት ናይ ስዊዘርላንድን ካብ መላእ ኤውሮጳን እንተተኻኢሉ ንኽልተ መዓልቲ፡ እንተወሓደ ድማ ንሰልፊ ናይ ቀዳም ተጻሊኹም ናብ ጀኔቫ ንኽመጹ መካይንን ኣውቶቡሳትን ኣዳልዉ።

**ምትሕግጋዝ ክዕወት እዩ!**

ብዛዕባ እዚ ኣብ ጀነቫ ተመዲቡ ዘሎ ናይ ክልተ መዓልታት ሰልፊ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ጥቅምቲ ክስዕብ እዩ።
በዚ ኣድራሻ ርኸቡና: solidaritywithrefugeesinlibya@riseup.net
www.refugeesinlibya.org | www.unfair-agency.org